ንዘይ ፈለጠ ክፈልጦ ፣ ንዝፈልጦ ከኣ መዘኻኸሪ።

ካላይን ሓድነታውን ጉባኤ

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርታን

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማእከላይ መሪሕነትን

ካላይን ሓድነታውን ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማእከላይ መሪሕንነትን ካብ 12 ክሳብ 19 መጋቢት 1987 ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ተኻይዱ።

ኣብዚ ጉባኤ 'ዚ 1287 ካብ ሰራዊትን ካብ ህዝብን ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመርጹ ወከልትን ብኣማእት ዝቑጸሩ ዕዱማትን ተሳቲፎም። ካብቶም ዕዱማት ናይ ኤርትራውያን ውዱባት ወከልትን ገዳይም ሃገራውያን ተቓለስትን፣ ዝተፈላለዩ ካልኦት ሃገራውያንን፣ መልእኽትታትን መደረታትን ኣስሚዖም። ኾምኡ'ውን ወጻእተኛታት ዕዱማት ማለት ወከልቲ ናይ 25 መንግስታት ፡ሰልፍታትን ውድባትን። ወከልቲ ናይ ኤርትራ ደገፍ ሽማግለታትን መልእክትታት ኣንቢቦም። ካልኦት 50 ከኣ ናብቲ ጉባኤ መልእኽትታት ሰዲዶም።

ኣብ ውሽጢ እተን 8 መዓልታት ብመጀመርያ ኣብቲ ክፉት ርክባት ናይ'ዚ ጉባኤ ወጻኣተኛታትን ኩሎም ዕዱማትን ኣብ ዝተረኸቡሉ ናይ ክልቲኡ ውድባት ፖሎቲካዊ ጸብጻባት ከንበቡ ከለዉ፡ ብድሕሪኡ ኩሉ ስራሓት ናይቲ ጉብኤ ኣብ ዕጹው ርኽክባት ተፈጺሙ። ኣብኡ እቲ ጉባኤ ብፈለማ ንፖሎቲካዊ ጸብጻባት ተኻቲዑ ኣጽዲቑ። ቐጺሉ ጉባኤኛታት ነቶም ካልኦት ክልተ መሰረታውያን ሰነዳት ፡ንድፍታት ፖሎቲካዊ ፕሮግራምን ቑዋም ውድብን በብዓንቀጽ እናኣንበቡ ብሰፊሕ ተኻቲያምሎም። ብኡ መሰረት ድማ ዘድሊ ምምሕያሻት ድሕሪ ምግባር፡ እቲ ጉባኤ ኣጽዲቕዎም። ብድሕሪ ምጽዳቕ እዞም መሰረታውያን ሰነዳት፡ ጉባኤ ኣብ ኣገደስቲ ናይ ሃገርን ከባብን ኮምኡ'ውን ናይ ዓለምን ሕቶታት ውሳኔታት ወሲዱ፣ ኣብ ፖሎቲካውን ዲፕሎማሲያውን ስራሓት ካልኦት ሜዳታትን ከኣ ዓቢ ኣቓልቦ ክገብር ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ጉባኤ ንዝመጽእ ሰለስተ ዓመታት፡ ማለት ክሳብ ሳልሳይ ጉባኤ ዝመርሖ ሓደ 7 ቖወምቲ፣ 7 ከኣ ቅያር ኣባላት ዘለውዎ ማእከላይ ሽማግለ መሪጹ። ማእከላይ ሽማግለ ድማ ንብጻይ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ዋና ጸሓፊ፡ ንዑኡ ወሲኽካ ከኣ ትሽዓተ ዝኣባላቱ ፖሎቲካዊ ቤት ጽሕፈት መሪጹ።

ኩቡራት ኣንበብቲ፡

እዚ ጽሑፍ'ዚ ካብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ " ሰነዳት ጉባኤ 1987 ዓመተ ምህረት " ከይተወሰኾን ከይተነከዮን፡ ከም ዘለዎ ዝተቐድሔ ጽሑፍ እዩ። መታን ጭብጥታትን ሓቅነትን ሒዝና ክንጉዓዝ፡ ካብቲ ሓደ ክንፈልጦ ዝግባኣና ታሪኽ፣ ታሪኽ ናይ'ዚ ሰነድ"ዚ እዩ። እዚ ሰነድ'ዚ ሒዙዎ ዘሎ ታሪኽ፤ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ እዩ። ሓቀኛ ታሪክ ምፍላጥ ንጉዕዞ ቃልሲ ቡሩህ ስለ ዝገብሮ ኩሉ ግዜ ክንውከሶ ይግባእ። ኣብ'ዚ ሰነድ'ዚ፣ እዚ ሎሚ ነብስና ንምኽኣል ኣብ ትሕቲ " ልምዓት ብጽንዓት" ዝብል ቴማ እነካይዶ ዘሎና ወፍሪ ልምዓት፡ ሎሚ ዝተበገሰ ሓሳብ ከምዘይኮነ ክንግንዘብ ንኽእል። ኣብቲ ጉባኤ ኣገዳስነቱ ተራኣዩ ዝጸደቖን ሰነድ፡ ሕጂ ዝስራሓሉ ዘሎን ንቕጻሊ እንሰርሓሉን ሰነድ ምዃኑ ንግንዘብ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንግስ መስመር።